# ድኽመታት መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘቃልዐ ዓውደ ክትዕ ኣብ ካርቱም ተኻይዱ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 22.03.2007

ሓው ዓብዱልረዛቕ ከራር፡ ኣባል ኤርትራዊ ማእከል ማዕከናት ዜና (Eritrean Media Center) ዝኾነ ጋዜጠኛ ዝመርሖ፡ ህዝብን ኣባላት 8 ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ዝተሳተፉሉ "ንኪዳን ዝብድህ ዘሎ ቅልውላውን፤ ናይ ምፍታሑ ተኽእሎታትን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓውደ ክትዕ ተኻይዱ።

ኣብ መእተዊ ቃላቱ፡ ሓው ዓብዱልረዛቕ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብሰንክ'ቲ ኣብ ቻርተራቱ ሰፊሮም ዘለዉ ናይ ቋንቋ ሕጽረታት ዘለዎም ዓንቀጻቱን፤ ብሰንኪ ትካላዊ ኣሰራርሓታት ዘይምውናንን፤ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ብሰንኪ ስእነት ብቕዓት ዘለዎን ምሉእ ግዜኡ ንዕማማት ኪዳን ዘወፈ ኣመራርሓን ክሳቕ ከምዝጸንሐ ገሊጹ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ካልኣይ ጠቕላል ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣመልኪቱ ድማ፡ ገለገለ ኣባላት ውድባት ኪዳን፡ ነቲ ቅድሚ ገለ መዓልታት ዘጽደቕዎ ቅዋም ወይ ህንጻ ሕጊ፡ ብግቡእ ከንብቡዎን ክትርጉምዎን ዘይምኽኣሎም ከም ዘስደመሞ ሓቢሩ። ዝኾነ ይኹን ምዝሕነት ወይ ልፍንቲ ብተራ ብዝሒ ድምጺ መራሒቱ ክመርጽን ውሳኔታቱ ከመሓላልፍን ከምዘይክእል ድማ ኣረዲኡ። ዝኾነ ምሕዝነት ኣብ ዓለም፡ እንተላይ ራቢጣ ሃገራት ዓረብን (Arab League) ናይ እስላማዊ ውድባት ኮንፈረንስን ካልኦት ቦታውን ኣህጉራውን ኣካላትን፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ዘለዎም ጉዳያት፡ ውሳኔታቱ ብሓባራዊ ስምምዕ ወይ እንተውሓደ ብሰለስተ ርብዒ (3/4) ድምጺ ከምዘመሓላልፉ ኣመልኪቱ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ካብ ካልኦት ምሕዝነታት ዝተፈልየ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ኣብ'ቲ ድሕሪ ጉባኤ እተኻየደ ቀዳማይ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት፡ ነቲ ቅልውላው ክፈትሑ ዝኽእሉ ብዙሓት ሓሳባት ቀሪቦም ምንባሮም ሓቢሩ። እንተኾነ ግን፡ ሓደ ወገን ካብ'ቲ ማእከላይ መሪሕነት፡ ኣኼባ ንምክያድ ዘኽእል ሕጋዊ ቊጽሪ ዘየማልእ ክነሱ፡ ዘየድሊ ውሳኔታት ከሕልፍ ምምራጹ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ምፍንጫላት ምኻኑ ኣረዲኡ።

ሓው ዓብዱልረዛቕ ኣስዒቡ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ክልተ ብሎካት ወይ ክንፍታት ተመቒሉ ስለዘሎ፡ ዝኾነ ይኹን ሸነኽ ካብ'ቲ ክልተ ሸነኻት፡ ኣብ ቅዋም ተመርኲሱ፡ ኣነ'የ ሕጋዊ ወራሲ ናይ'ቲ ዝጸንሐ ኪዳን ክብል ኣይክእልን ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ክሳዕ ሓደ ፍታሕ ዝርከብ ክልተ ብሎካት ምኻኖም ምቕባል ጥራሕ'ዩ ዘለዎም ኢሉ።

ኣኼበኛታት፡ ነቲ ዝቐረበሎም መግለጺ ድሕሪ ምስማዕ፡ ብዙሓት ጉዳያት ኣልዒሎም ብህዱእ ኣገባብ ክትዓቶም ቀጺሉ። ሓደ ኣባል ካብ'ተን ሃይማኖታውያን ውድባት፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋን

ደገፍቱን እንደገና ክምረጹ ምድላዩም፡ መግለጺ ዘይርከቦ ጊንጢ ነገር'ዩ ኢሉ። ሓደ ካልእ ተሳታፋይ ከኣ፡ መራሕትና ካብ ቦታኦም ምስ ወረዱ ዝናበርሉ ናይ ጥሮታ ደሞዝ እንተዝህልዎም ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቅልውላዋት ክንድሕን ምኸኣልና ኔርና ኢሉ።

ኣብ መደምደታ፡ ሓው ዓብደልረዛቕ፡ ኪዳን ንኽቕጽል ዘኽእሉ ብርክት ዝበሉ መፍትሒ ይኹኑ'ዮም ዝበሎም ርእይቶታት ኣቕሪቡ። ክልቲኦም ብሎካት፡ ካብ ሕድሕድ ክስን ምጽልላምን ክርሕቁ ኣለዎም ኢሉ። ቀጺሉ፡ ዝኾነ ይኹን ሽነኽ ካብ'ዞም ክልተ ብሎካት፡ ኣነ'የ ሕጋዊ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝጸንሐ ኪዳን ክብል ኣይግብኦን ክብል ወሲኹ። ገለ ውድባት ናይ'ዘን ቀይመን ዘለዋ ብሎካት፡ ተጸናቢሮም ሓያላት ውድባት ክምስርቱ ዘለዎ ተስፋን ትጽቢትን ውን ገሊጹ። ክልቲኦም ወገናት ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ስደተኛታትን ይኹን፡ ወይ ድማ ኣብ መንገ ኤርትራን ኢትዮጵያን ውግእ እንተተባርዐ እንታይ ንግበር ዝብሉ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ኣልዒሎም እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ንምድህሳስ ቀጻልን ዕቱብን ልዝባት ክካይዱ ኣተሓሳሲቡ።

ምሉእ ትሕዝቶ ናይ'ቲ መግለጺ፡ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኤርትራውያን ክወጽእ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ።